<u>መድረኻዊ መጸዋዕታ ንኹሉ ብህዝቡን ሃገሩን ዝግደስ ኤርትራዊ</u>

እቲ ብ1998 ዝጀመረ፣ እሞ ድማ ዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቐዘፈ ናይ ዶብ ውግእ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን፣ ጠንቂ-ውጽኢታቱ ብክልቲኡ ሽነኻት ሰፍ ዘይብል ህልቂት ህይወት ሰራዊት ጥራይ ዘይኮነስ፣ ማእለያ ዘይብሉ ናይ ኣህዛብ ምፍንቓልን ናይ ናብራ ሓፍ-ዞቕን ኣኽቲሉ'ዩ። እዚ ኣዕናዊ ኩናት'ዚ፣ ከምቲ ክለተ ሃንደስቱ ስርዓታት ከይሓፈሩ ዝጠቐስዎ፣ ብሰንኪ ዶብ ዘይኮነስ ፣ ብሰነኪ ብኣነነት ዝተላዕጠጡ ክልተ መሪሕነታትን ንሶም ዘናዓዓብዎ ናይ ኩናት ዓዘቕትን፣ ምንባሩ ዘካትዕ ኣይኮነን። ኣብ ሓጺር እዋን ተራእዩ ዝቕጽል ዘሎ ዲፕሎማስያዊ ድራማ ከአ፣ ውልቀ-መላኺ ኢሳያስ እንሆ ሎሚ ነቲ ናይ ኣሽሓት ህይወትን ማእለየ ዘይብሉ ናይ ህዝቢ ናይ ናብራ ምፍንቓልን፣ "**ኣይከሰርናን** " ክብሎ እንከሎ ዘስደምም'ዶ ኣይኮነን ?

ነዚ ሽግር'ዚ ዘላቒ ፍታሕ ንምርካብ ተባሂሉ ድማ ብ2002 ብብይን ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ስምምዕ ኣልጀርስን ዚፍለጥ መራሕቲ ክልትኤን ሃገራት ዝፈረሙሉ ናይ መወዳእታን ቀያድን ውሳኔ ተዋሂቡ። ዝተፈረመ ብይን ፍርዲ ክሳብ ሕጂ ንl6 ዓመት ኣብ ባይታ ከይተተግበረ ምጽንሑ ንናይ ክልቲኡ ኣህዛብ ኣብ ናይ "ኣይሰላም ኣይውግእ ሃዋሁው"፣ ማለት ኣብ ኩነታት ቀጻሊ ድኻነትን ራዕድን ኣሳጢሑዎም ጸኒሑን ኣሎንዩ ።

እዚ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ኣብ ሓጺር እዋን ዚተራእየን ዚቕጽል ዘሎን ዲፕሎማስያዊ ርክባት ወይ ናይ ሰላምን ኣንፈት፡ ንሕና ከም ደለይቲ ፍትሒ መጠን፣ ንነዊሕ ዓመታት ክንቃለሰሉ ዝጸናሕና ስለ ዝኾነ፣ ናይ ሰላም ሃዋህው ክንጸላሉ ድሌትና ምኗኑ ዘካትዕ ኣይኮነን ። ይኹን እምበር እዚ ብናህሪ ተጀሚሩ ዝቕጽል ዘሎ ብጨብጨባን ጉያን ዝተመኹለየ ስቱር ርክባት ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ገዛእ ጉዳዩ ተዓዛቢ ጥራሕ ገይርዎ ኣሎ። ብጉርሕን ሽርሕን ከአ ህዝቢ ኤርትራ ብዛዕባ ጉዳዩን ጉዳይ ሃገሩን ከይካታትል መሰሉ ተሓሪሙ ይርከብ ። ጉዳይ ልዕላውነት ኤርትራን መጻኢ ዕድል ህዝባን ከም ውልቀ-ዋኒን ውልቀ-መላኺ ተወሲዱ፣ እንሆ ድማ ጉጅለ ኢሳያስ ክውስኖ ላዕልን ታሕትን ክብለሉ ይርኣ'ሎ። ስለዚ ብፍላይ መንእሰይ ወለዶ እዚ ጉጅለ ህግደፍ ወይ መራሒኡ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ህዝቢ ኤርትራ ባርኾቱ ዘይሃበም ምኗኑ ብንቕሓት አለሊኻ ሃገርካን ህዝብኻን ንምድሓን ምጉያይ ከድልየካ'ዩ። ኢሰያስ ኣብ ልዕለ ህዝቢ ኤርትራ ዘሎዎ ንዕቀት ከብቅዕ አለዎ። ብሓቂ'ውን ከም ደቂ-ዛግራ ፋሕ ኢልና ምህላውና፣ ዛጊት ቦዱ ንመናውሒ ዕምሪ ስልጣን ውልቀ-መላኺ ኮና ምህላውና ዝተረዳእናዮ ኣይንመስልን።

ኣብ ኢትዮጵያ ዝካየድ ዘሎ ለውጢ ብልክዕ ብቐዳምነት ንህዝቢ ኢትዮጵያ ይምልከት። ዝካየድ ዘሎ ለውጢ ግን ብሃንደበት ዝተጋህደ ከምዘይኮነ ርዱእ ይመስለና። ህዝቢ ኢትዮጵያ፣ ብህዝባዊ ናዕቢ ንዓመታት መስዋእቲ እናኸፈለ ኣብዚ ደረጃ ብምብጻሕ ፣ ሓይሊ ምቀጽጻር ናይቲ ዝነበረ መሪሕነት በቲኹ ናይ ለውጢ ምቅይያር ኣርእዩ። ዶክ. ኣብዩ ኣሕመድ ድሌት ህዝቢ ኣጽኒዑ፣ ትርግታ ህዝቢ ብዝስሕብ፣ ንህዝቢ ይቅሬታ ብምሕታት፣ ኣብ ውሽጥን ደገን ዝነበሩ እሱራት ብምፍታሕ ናይ መቐይሮ ጐደና ሒዝዎ ይርከብ ።

ህዝቢ ኤርትራ ግን ኣብ ገዛእ ጉዳዩ ተዓዛቢ ኮይኑ፣ ህዝቢ ካብ መሰርሕ ሰላም ሃገሩ ተዋሲኑ፣ ካብ ዝኹነ ሓበሬታ ተነጺሉ ኣብ ጸልማት ተደፊኑ ይርከብ። ኣብ ዲሞክራስያዊ መስርሕ ንሰላምን ፍትሕን ዝዋሳእ፣ እቲ ብቐዳምነት ክገብሮ ዘለዎ ሰላም ምስ ነብሱ ምፍጣር እዩ። ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ግን ምስ ህዝቡ ምትዕራቕሲ ይትረፎ፣ ምስ ነብሱ ክተዓረቕ'ኳ ድፍረት ኣይወነነን። በዚ ምኽንያት ድማ እዩ ብውሽጡ ስለዘይነጽህ ፣ ንህዝቢ ኤርትራ ይቕሬታ ክሓቶ ዘይከኣለ።

ኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንፍትሒ፣ ኩሉ ደላይ ፍትሒ ዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ፣ ማለት ምስ ውድባቱን፣ ሲቪካውያን ማሕበራቱን፣ ኣብ ዓበይትን ኣገደስትን ዝኾኑ <u>መድረኻውያን ሃገራዊ ጉዲያት</u> ተሰማሚዑ፣ ህዝቢ ማእከሉ ዝገበረ፣ <u>ኣብ ሓባራዊ ኣሰራርሓን ኣመራርሓን</u> ምርኩስ ብምግባር ይጠርነፍ ዝብል ራኢይ ምስፋሕ ቀንዱ ዕሊማኡ ገይሩ ዚነጥፍ ውደባ ኢዩ። ኩሉ ዓቕሚታትን ክእለትን ትሕዝቶን ህዝቢ ኤርትራ ዝወሃሃደሉ፣ እቲ በብናቱ ፋሕ ኢሉ ብጫሌዳታት ዝኸይድ ዘሎ ፍኑው ዘይተማእከለ ጉዕዞ ተኣሪሙ፣ ኣብ ክሊ ዚሰመረ ኤርትራዊ ሃገራዊ መስርሕ ተጠርኒፉ ከድምዕ ከምዝኽእል ንኣምን። ፍልልያት ናይ ኣተሐሳስባታት ክህሉ ቅቡልን ውሁብን ኮይኑ፣ ግን ከአ ኣብ ክቢ ጠረጴዛ ብዘይ ሕብእብእ- ሽፍንፍን ኣብ ግልጺ መድረኽ ቀሪቡ፣ ንኹለ ቅቡል ብዝኾነ ናይ ሐባር ተርድኦን ፍታሕን ሒዙ መዓልቦ ክረክብ ይኣምን።

ካብዚ ሓቂ ብምብጋስ ፣ ኣብዚ ሕጂ ሰፊኑ ዘሎ ሃዋህው፣ ሃገርና ኣትያቶ ዘላ ዝተሓላለኸን ዝተወሳሰበን ኩነታት፣ ኣድህቦና ክኸውን ዘለዎ፣ ኣብቲ ክካየድ ንጽበዮ ዘሎና ናይ ዶብ ምጥራር ዘትከለ ጥራይ ዘይኮነስ፣ እቲ ኣብ ሃገርና ብዓቢኡ ቦኹሩ ዘሎ 1. ቅዋማኢ ትካላዊ ኣሰራርሓ፣ ሓጋጊ ኣካል፣ ፈጻሚ ኣካል፣ ነጻ ፈራዲ ኣካል ዝትከለሉን ስልጣን ህዝቢ ብወከልቱ ዝረጋግጸሉ 2. ናይ ፖለቲካን ናይ ሕልናን እሱራትና ክፍትሑ 3. እቲ ብመሰረት ናይ ዶብ ምስምስ ጅሆ ተታሒዙ ዘሎ መንእሰይ፣ ሃገራዊ ኣገልግሎት ገደብ ዝግበረሉ ...ወዘተ ከነተኩር፣ ካብ ማንም እዋን ንላዕሊ መድረኽ ይጽውዓና ኣሎ ንብል።

ኣብ መንጎና ይንኣስ ይዕበ ዝተፈላለየ ዘይምቅድዳዋት ክህሉ ይኽእል ኢዩ። ግን እዚ ዘለናዮ መድረኽ ብኣዝዮም ወሰንትን ዓበይትን ጉዳያት ተጻዒኑ ስለ ዘሎ፣ ክህልዉና ንዝኽእሉ ነናይ ባዕልና ኣጀንዳታት ዘጋማድሕ ከምዘይኮነ ክርድኣና ይግባእ። ኣብ ደምበ ተቓውሞ ሎሚ ንሓቢረካ ምስራሕ ዕጥይጥይ ዝብል መካይድቲ ናይ ለውጢ ዕላማ ዘለዎም ተቓለስቲ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ። ኣብ ጉጅለታትን ኮንካ ምዝራብ፡ ኣየድምዐን፣ ኣይመድረኹን ከኣ ኢዩ።

ስለዚ ዘለና ሃገራዊ ዓቕሚታትናን ጉልበትናን፣ ብኹሉ መዳይ ሽነኻቱ ጸንቂቕና ብምውህሃድ፣ ብብልሃትን ምስትውዓልን ጠርኒፍና ከነዋፍሮ ምስ ዘይንበቅዕ ነቲ ቅድሜና ዘሎ ሃገራዊ ብድሆታት ክንሰግሮ ኢና ማለት ዘይከኣል ኢዩ። ቅድም ቀዳድም ከኣ ንሕሉፍ ኣሉታዊ ይኹን ኣወንታዊ ተመኩሮታትና ብህድኣት መዚንና፣ ኣብ ኣተሐሳስባና መሰረታዊ ለውጢ ከነተኣታቱ ምርጫ ዘይኮነስ ግዴታ'ውን ኢዩ። ብሕሉፍ ኣሉታታት ንቕየድን ንእሰርን፣ ኣብ ናይ ሕድሕድ ፍርህታትን ምጥርጣርን ዓንኬል ንሕጸርን እንተ ድኣ ኮንና ግና፣ ግደፍ ናይ መጻኢ ወለዶታትና ተስፋ ዘለዋ ሃገር ምህናጽ'ስ ይትረፍ፣ ኣጕዶ ክንሰርሕ'ውን ኣይክንበቅዕን ኢና።

ጉዳይ ሃገርናን ህዝብናን ኣብዚ እዋንዚ ዓለም ለኻዊ ኣቓልቦ እንዳረኽበ ይኸይድ ምህላዉ ንጹር ኢዩ። ይኹንምበር ኩሉና ኤርትራውያን ከም ሐንቲ ስድራ ቤት ኮንና ዋናታት ጉዳይና እንኾነሉን፣ ነጻ ፖለቲካዊ ውሳኔና ጨቢጥና፣ ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻርና እነእትወሉ፣ ኣገባብን መንገዲን ምስ እንስሕት፣ ፈቲና ጸሊእና ካብ ትሕቲ ምቁጽጻርና ወጻኢ ኮይኑ፣ ንድሌትናን ረብሐታትናን ዘየገልግል ኮይኑ፣ ካልኣት ሐይልታት ንረብሐታቶምን ጠቕሚታቶምን ብዝሰማማዕ መንገዲ ቐይሶም፣ ውሳኔታቶም ኣብ ልዕሌና ክጽዕንዎ ዝኽእልሉ ዕድላት ከም ዘሎ፣ ሕጂ ብኣግኡ ንህዝብናን ፖለቲካዊ ተዋሳእቱን ከየተንባህና ክንሐልፍ ኣይንደልን።

ኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንፍትሒ

Email : em4j2012@gmail.com

18-7-2018